# ኩቡር ፕረስደንት!



*-ኩቡር ፕረስደንት ከመይ ኣሎኻ፤*
*ውላድ ጽኑዕ ህዝቢ ኩሉ ፈታዊኻ፤*
*ዕድመን ጥዕናን ይኹን ምሳኻ።*

*-ኣንታ ጅግና ጽንዓት ሕላገቱ፤*
*ሃገሩን ህዝቡን ብማዕረ ዝፈቱ፤*
*ምእንቲ መሰል ሓፋሽ ዝወፈ ሂወቱ።*

*-ሓያላን ዝብሉ ተገሪምም ብኣኻ፤*
*ዓንዲ ከውሒ ኮንካዮም ከይፍልጹኻ፤*
*ሓንጎሎም ጎዲሙ በሊሑ ኣእሙሮኻ።*

*- ንዓይ ዘይትብል እንትርፎ ንኹልና፤*
*ኩሉ ሓውካ ሓብትኻ ዘይብልካ ጓና፤*
*ኩርዓት ይሰማዕካ ኣብ ጎንኻ ኣሎና።*

*-ኣብኪ ኻዮም ነቶም ጸላእትና፤*
*ውዲቶም በኒኑ ከም ናይ ሓጋይ ደበና።*
*ኣሎና ኣብ ጎንኻ ኣሕሊፍና ኣይንህብን ሃገርና።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገ/ ንጉስ መስመር*